

**ሽም ሕጽይቲ ተወዳዳሪት:** ጁሊ ካንግ (Julie Kang)
**ሽም ወፈራ:** ጁሊ ን ሴያትል ዲስትሪክት 5 (Julie for Seattle D5)
**ናይ ወፈራ መርበብ ሓበሬታ:-** https://julieforseattle.com/
**ትወዳደረሉ ሓላፍነት:-** ቤት ምኽሪ ከተማ ዲስትሪክት 5
**ናይ ወፈራ ቊጽሪ ተሌፎን:-** 206.880.3873
**ሌላ ምስ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት (ናይ 200 ቃላት ገደብ):**

ኣነ ኣብ ዲስትሪክት 5 ናይ ነዊሕ እዋን ነባሪት ዝኾንኩ፣ መምህር፣ ከምኡድማ ናይ'ቲ ማሕበረሰብ ንቑሕቲ ተሳታፊት እዬ። ከም ሓንቲ ኣብ ሰሜን ሲያትል ህይወታ ዝሃነጸት ስደተኛ መጠን፡ ውሳነታት ከተማ ንመዓልታዊ ክውንነት ዝሰርሑ ስድራቤታት፡ ስደተኛታትን ንኣሽቱ ትካላትን ናይ መዓልታዊ ተግባራት ብኸመይ ክቐርጾ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ እዩ።

መራሕትና ድምጽና ክሰምዑን ብጭቡጥ ኣውራጃና እንታይ ከምዘድልያ ክርድኡን ንደልዮም። እቶም ኣነ ቀዳምነት ዝህቦም ጉዳያት ርትዓዊ ዋጋ፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ድሕነትን ገዛ ኣልቦነትን፡ ከምኡ’ውን ሓለዋ ስደተኛታት እዮም።

ኣነ እቲ ሞያዊ ህይወተይ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎትን ብፍላይ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረቡ ተማሃሮ ድጋፍ ንዝህቡ መምህራን ኣብ ምስልጣን እዩ ኣሕሊፈዮ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን (University of Washington)ን ዩኒቨርሲቲ ሲያትል (Seattle University)ን ፣ ኣብ ምምራሕን ምሕንጻጽን ሰፋሕቲ መደባት፣ ኣብ ምምሕዳር ዝተሓላለኸ ህዝባዊ ባጀት፣ ከምኡ’ውን ኣብ ምሕንጻጽ ኣብ ተሓታትነት፣ ፍትሓውነትን ውጽኢትን ዘተኮረ ስግረ-ዓውዲ ሽርክነት ሰሪሐ እዩ።

ኣብ ቦርድ ክለብ ማሕበረሰብ ሃለር ሌክ (Haller Lake Community Club) የገልግል፣ ኣብ ባንኪ መግቢ ብወለንታዊነት፣ ከምኡ'ውን ንማሕበረሰብ ስደተኛታትና ኣብ ምምሃርን ካብ ICE ክጥንቀቑ ሓበሬታ ኣብ ምሃብን/ምክፍፋልን እሰርሕ፣ ንኣናእሽቱ ትካላት ንምድጋፍ ድማ ናይ FuseD5 ናይ እግሪ ጉዕዞታት መሪሐን እዩ። ኣነ ሕብንቲ ኣባል ማሕበር ሰራሕተኛታት WEA’የ በዓል ቤተይ ድማ ኣባል UFCW 3000 እዩ።

ናብ ቤት ምኽሪ ከተማና ማሕበረሰባዊ ፍልጠት፣ ተመኩሮ ባንኪ፣ ክእለት ፖሊሲን ርጉእ ኣመራርሓን ከምፅእ እየ። ሕብረተሰብና ዘድልዮ ዓይነት መራሒት - ንቶም ድምጺ ዘይብሎም ዝሰምዕን ዝጣበቕን ሰብ ክኸውን ቃል እኣቱ።

ደገፍኩም ረኺበ ንኣውራጃና ክውክል እንተዝኽእል ክብሪ ምተሰመዓኒ።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ናይ ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



**ሽም ሕፁይ፡-** **Silas James (ሳይለስ ጀምስ)**

**ሽም ጎስጓስ፡-** **Silas for Seattle (ሳይለስ ንሲያትል)**

**መርበብ ሓበሬታ ጎስጓስ፡-**
**https://silasforseattle.com/**

**ነታ ከተማ ዝወዳደርሉ ምድብ ስራሕ፡-** **City Council District 5 (ናይ ዲስትሪክት 5 ቤት ምኽሪ ከተማ)**

**ስልኪ ቑፅሪ ጎስጓስ፡-** **(425) 224-5463**

ኣነ Silas James (ሳይለስ ጀምስ) እበሃል፣ ከተማና ንኹሉ ሰብ ብዝሓሸ ኹነታት ንክትሰርሕ ንምግባር ኣብ District 5 ናይ (ቤት ምኽሪ ከተማ ሲያትል) Seattle City Council ኣባል ንምኳን ሕፁይ ኮይነ ቀሪበ ኣለኹ። ከም ሓደ መምህር ናይ ጉድእ ኣካል፣ ተመራማሪ፣ ተሟጓትን ናይ Seattle Disability Commission (ኮሚሽን ጉድኣት ኣካል ሲያትል) ኣቦ መንበር/ኣካቢ፣ ብቕዓት ብዘይብሎም/ዝተበላሸዉ ስርዓታትና ተስፋ ቆሪፀ ኣለኹ። ሃፋትም ኮርፖሬሽናት ዝግብኦም ብፅሒት ንክኸፍሉ፣ ብተመጣጣኒ ዋጋ ዝርከቡ መንበሪ ኣባይቲ ንክስፋሕፍሑ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመሰረቱ ናይ ውሕስነትን ፍትሒ ከባቢ ኣየርን ዝሕግዙ መፍትሒታት ንክፈጥሩ ንምግባር ብዕቱብን ብትግሃትን ክሰርሕ እየ። ዓቕሚ ንዘይብሎም ጎረባብትና እትስማዕማዕ ሲያትል ምፍጣር እንተኽኢልና፣ ኩላትና ተረባሕቲ ንኸውን።

ዝበዝሕ ናይ ህይወት መዋእለይ ነቶም ሓገዛት ናይ መንግስቲ (Public benefits) ብምጥቃም ዘሕለፍኩ እንትኾን፣ በዚ ተመኩሮይ እዚ ብዛዕባ እዞም ዝተሓላለኹ ስርዓታት ዝለዓለ ክእለት ዘኻዕበትኩ ብዓል ሞያ ኮይነ ኣለኹ። ውልቀሰባት ብምምራሕን ጉጅለታት ብምምሃርን ዕውታት ንክኾኑ እንትሕግዝ ዋላ እኳ እንተፀናሕኹ፣ ሕዚ ግን ንመላእ ሲያትል ዝተርፍ ረብሓ ንምርካብ ሱር በቆስ ለውጢ ስርዓት ንምምፃእ ቆሪፀ ተላዒለ ኣለኹ።

ሰባት ዕውታት ንክኾኑ ዘድልዮም እታዎታት ንምቕራብ ከምኡ'ውን ጎረባብትና መንነቶም፣ መበቆሎም፣ ወይ ድማ ዘለዎም መጠን በዝሒ ገንዘብ ብዘየገድስ ንኩሎም ውሕስንኦም ዝተሓለወ ንክኾኑ ንምግባር ኣብዚ መረፃ እወዳደር ኣለኹ።

ናይ ዲሞክራሲ ቫውቸራቶም (Democracy Vouchers) ንSilas for Seattle ብምሃብ ንጎስጓሰይ ሓገዝ ንኽገብሩለይ እሓትት። መጻኢ ከተማና ናትና እምበር ናይ ቢልዮነራት ትካላት ከም ዘይኮነ ኣረጋግጹ።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ናይ ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



ሽም ሕጺቲ:- Nilu Jenks (ኒሉ ጀንክስ)

ሽም ጎስጓስ መረፃ:- Neighbors for Nilu (ኔበርስ ፎር ኒሉ)

መርበብ ሓበሬታ ጎስጓስ መረፃ:- https://www.neighborsfornilu.org

መደብ ስራሕ:- ዲስትሪክት 5 ሲቲ ካውንስል

ስልኪ ቑፅሪ ጎስጓስ መረፃ:- 206-321-9890

ኖርዝ ሲያትል ደቀይ እናዕበይኹ ዘለኹሉ፣ ምስ ጎረባብተይ ናይ ቀረባ ዕርክነት ዝመስረትኩሉን፣ እቲ ማሕበረሰብና ንክብርትዕ ንነዊሕ እዋን ዝደኸምኩሉን ከባቢ እዩ። ኣብ መዘናግዒታት ኣኽላባት ካብ ዝግበሩ ፀወታታት ጀሚሩ ክሳብ ኣኸባታት ማሕበረሰብ፣ ምስ ጎረባብቲ ምርኻብን ሰባት ነንባዕሎም ዝተሓጋገዝሉን ዓይነት ማሕበረሰብ ንክፍጠር ባህ ይብለኒ። ነዚ ከባቢ ካብ ዘለኒ ፍቕሪ ዝተልዓለ ኣብዚ መረፃ ንዲስትሪክት 5 ንምግልጋል እወዳደር ኣለኹ።

ኣነ ጓል ስደተኛታት ኢራናውያን፣ ተማጓቲት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ስራሕ እትሰርሕ ኣደ ክልተ ቆልዑ እየ። ኣብያተ ትምህርትና ንምዕባይ፣ ጎረባብትና ዝያዳ ንምሕያልን፣ ንኹሉ ዘሳትፍ ማሕበረሰብ ንምህናፅ ምስ ጎረባብቲ ብምኳን ንዓመታት ብንቕሓት ሰሪሐ ኣለኹ።

ኣብ ጥቓ ኣብያተ ትምህርቲ፣ መዘናግዒታትን፣ ትራንስፖርትን ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም መንበሪ ኣባይቲ ንክህልዉ ኣብ'ቲ ቤት ምኽሪ ከተማ ውሽጢ በርቲዐ ክሰርሕ እየ። ኣብ ቀረባ እዋን ብዝተርኣዩ ናይ ግሮሰሪን መደብራት መድሓኒትን ምዕፃው ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ስድራቤታትን ኣረጋውያንን ዝበፅሐ ክፍተት ኣቕርቦት ምግቢ ንምቕራፍ መፍትሒ ከናዲ እየ። ንፍትሒ ነባሪ ኣየርን ንውሕስ ድሕንነት ትራፊክን፣ ምንቅስቓስ መኻይንን፣ ንሓያሎ ዓሰርተታት ዓማውቲ ቃል ዝተኣትወሎም መንገዲታት ኣጋርን ንምህናፅ ዉፊቲ እየ።

ኣብ FairVote Washington (ፌርቮት ዋሽንግተን) ዝነበረኒ ፃንሒት፣ ንዲሞክራሲና ዝያዳ ንክሕይልን ንክሕለውን ንዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ኣብ ምትሕብባር ናይ ባዕለይ እጃም ኣበርኪተ እየ።

እዚ ጎስጓስ መረፃ ንዲስትሪክት 5 ሓቢሩና ዝዘልቕ፣ ዘዳምፅን፣ ውፅኢት ዘምፅእ ኣመራርሓ ይግብኦ ኢሎም ብዝኣምኑ ጎረባብቲ ሓይሊ ዝንቀሳቐስ እዩ። እዚ እዩ ድማ እቲ ከሳኽፆ ዝወሰንኩ።

*እዛ ሕጺቲ ተወዳዳሪት እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ናይ ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



**ሽም ሕጹይ፡-** Dimitri Georgakopoulos

**ሽም ወፍሪ፡-** ኒሕ ዘለዎ ምትብባዕ ንዝሓሸት ሲያትል

**ዝወዳደሩሉ ሓላፍነት፡-** ቤት ምኽሪ ከተማ

ዲስትሪክት 5

**ቁጽሪ ቴሌፎን እቲ ወፍሪ፡-** 206.409.7275

**ናይ ሕጹይ መእተዊ (200-ገደብ ቃላት)፡-**

ኣነ ሲያትል እየ — ከምኡ'ውን ካብቶም ዝበለጹ ተጣባቓቲ ሃደ ክኸውን ተዳሊየ ኣለኹ።

ኣብ Montlake ዝዓበኹ፣ ኣብ Garfield ናይ ካልዓይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝተማሃርኩ፣ ብSeattle University ዝተቐረጽኩ — እዛ ከተማ እያ ንኣይ ሰሪሓትኒ። ንኣስታት ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ዝኸውን ግዜ ኣብዚ ሃደ ስራሕ ፈጣሪ ሰብ ነይረ፡- መጀመርታ ናይ ግሪክ ቤት መግቢታት እናወነንኩ፣ ድሕሪኡ ድማ ከም ፍቓድ ዘለዎ ናይ ሪል ስቴት ወኪል ባምኺን ሞያ ሀኒጸ። ተስፋ ሲያትል ብኸመይ ኣብ ከቢድ ግጭታት ምስ ተደላዪ ውፅኢታት ዘየምጽው ከጋጥሞ ርእየ።

እቶም ፖለቲከኛታት ተመጣጣንነት ዋጋ ከምዝሕልው ቃል ይኣትዉ። ሲያትል ግና ክሳብ ሕጂ ተመጣጣንነት ዋጋ ዘለዋ ኣይኮነትን። ድሕንነት ከምዝሕልው ቃል ይኣትዉ። ኣብ Aurora ክሳብ ሕጂ ሰፊሕ ዝኾነ ዘይሕጋዊ ንግዲ ወሲብን ሃዳናይ ንግዳዊ ትካላትን ሰፊሮም ይርከብ። ንግዳዊ መዓርፎታት ክመናመኑ ከለዉ መንገድታት ብሽክለታ ይሃንጹ ኣለዉ፣ ፈጠርቲ ስራሕ ደገፍቲ ከምዘይብሎም ተሪፎም፣ ከምኡ'ውን ዝተሓተ እቶት መንበሪ ኣባይቲ ብዘይፍትሓዊነት ወይ ራእይ ብዘይብሉ መንገዲ ኣብ ዲስትሪክት 5 ተኣኪቡ ኣሎ።

ከምኡ’ውን እቶም መራሕቲ ኣቓልቦኦም ተዘናቢሉ ከሎ፣ ድምጺ ኣልቦ ስግኣት ይዓቢ ኣሎ — ሰብ ሰራሕ ምስትብሓል ዕዮታት የጥፍእ ኣሎ ከምኡ'ውን ናይ መጻኢ ዕቤት ከተማታትና ይልውጥ ኣሎ።

ዲስትሪክ 5 ኣዝዩ ፍሉይ ዝኾነ እዩ — ናይ ባህልታት፣ ዘደንቑ መልክዓምድራት ከምኡ’ውን ዓቢ ዝኾነ ገና ዘይተጠቐመ ዓቕሚ ዝጠርነፈ እዩ። እዚ ዝረኣዮ፣ ነዚ ዝቃለሰ ከምኡ'ውን ኣብ ግብሪ ዘውዕሎ መራሒ የድልዮ እዩ።

ኣነ ብሞያይ ፖለቲከኛ ኣይኮንኩን። ኣነ ጎረቤትኩም፣ ጠበቓኹም ከምኡ'ውን ተጨባጣይ እየ። ዲስትሪክት

5 ተጨባጢ ዝኾኑ መፍትሔታት የድልዮ እዩ። ኣነ ድማ ነዚ ክፍጽም ተዳልየ ኣለኹ።

*እዚ ሕጹይ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ከም ተወዳዳሪ ክሳተፍ እዩ።*